# Union of Tigreans in North America (UTNA)

## ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ

P.O.BOX 73736 Tel. (202) 265-8702

Washington, DC 20056 Fax. (202) 265-8703

---



## ብምኽንያት ሞት ክቡር ሓውና ኣይተ ኣማኑኤል ኣሰፋ
## ዝተወሃበ ናይ ሓዘን መግለፂ

ኣይተ ኣማኑኤል ኣሰፋ ካብ ኣቦኦም ቀኛዝማች ኣሰፋ ገብረስላሴን ካብ ኣዲኦም ወ/ሮ ኣሰገደች ኣስፋውን ጳጉሜን 4 , 1947 ዓ/ም ኣብ ከተማ ኣክሱም ተወሊዶም። ዕድሚኦም ንትምህርቲ ምስበፅሐ ኣብ ኣክሱም ዝርከብ ኣብርሃ ወኣፅብሃን ኣብ ዓድዋ ንግስተሳባን ናይ ቐዳማይ ደረጃ ትምህርቶም ተከታቲሎም፣ ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርቶም ኣብ ከተማ መተሃራ ድሕሪ ምክትታል፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተግባረእድ ትምህርቲ ተከታቲሎም ብኣውቶመካኒክ ዲፕሎማ ምስተመረቑ ኣብ ከተማ ዓሰም ኣብ ዝነበረ ናይ ነዳዲ መፃረይ ካምፓኒ ተቆፂሮም እንዳሰርሑ እንተለዉ ናይ ወፃኢ ናይ ትምህርቲ ዕድል ረኺቦም ናብ ኣሜሪካ ከተማ ዋሽንግተን ብምኻድ ኣብ ስትረየር ዩንቨርስቲ ኣትዮም ብኮምፑተር ሳይንስ ናይ መጀመርያ ድግሪ ረኺቦም።

ኣይተ ኣማኑኤል ኣሰፋ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝበፅሕ ዝነበረ ብሄራዊ ጭቆና ንምውጋድ ኣብ ዝተገበረ ብሄራዊ ብረታዊ ቓልሲ ኣብ ጎኒ ሕዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት) ተሰሊፎም ኣባል ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተሰኣ) ብምዃን ካብ ተራ

# Union of Tigreans in North America (UTNA)

## ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ

P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056

Tel. (202) 265-8702
Fax. (202) 265-8703

---

ኣባል ክሳብ ናይ ዝልዓለ ናይ ማሕበር ኣመራርሓ ብምኳን እጃሞም ኣበርኪቶም እዮም። ኣይተ ኣማኑኤል ኣሰፋ *ኣብ ገፅ 3 ዘሎ ስእሊ ከምዘምልክቶ* ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ብምውካል ኣብ ናይ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ 3ይ ጉባኤ ኣብ ሓራ መሬት ትግራይ ተሳቲፎም እዮም። ኣይተ ኣማኑኤል ኣሰፋ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ህዝባውነቱ ሓሊዩ ንኸኸይድ ካብቶም ዝዓዘዘ ኣስተዋፅኦ ዝገበሩ ደቂ ህዝቢ ሓደ እዮም ኔሮም።

ኣይተ ኣማኒኡል ኣሰፋ ድሕሪ ውድቐት ደርጊ ናብ ዓዶም ተመሊሶም ብምኻድ ምስ ወ/ሮ ፋና ሓጎስ ሓዳር መስሪቶም 4ተ ቆልዑ ወሊዶም እዮም። ኣይተ ኣማኑኤል ኣሰፋ ኣብ ኣሜሪካን ኣብ ውሽጢ ዓድን ሕክምና እንዳተከታተሉ ድሕሪ ምፅናሕ ብዝሓደሮም ሕማም ምኽንያት መስከረም 19, 2005 ዓ/ም ኣብ መበል 57 ዓመቶም ብሞት ተፈልዮሙና ኣለዉ።

ንሕና ኣባላት ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ(ማተሰኣ) ብሞት ኣይተ ኣማኑኤል ኣሰፋ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እንዳገለፅና፣ ንባዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ፋና ሓጎስን ደቆሙን ከምኡ’ውን ንመላእ ስድራቤቶም ፅንዓት ይሃብኩም ንብል።

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተሰኣ)
መስከረም 22, 2005 ዓ/ም

# Union of Tigreans in North America (UTNA)

## ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ

P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056

Tel. (202) 265-8702
Fax. (202) 265-8703

